ሃገረ ኤርትራ
ሚኒስትሪ መጓዓዝያን መራኸቢታትን
በዓል መዚ መጓዓዝያ ምድሪ
ፈተና ን2ይ ደረጃ መምርሒ ፍቓድ

ነፍሰ-ወከፍ ሕቶ 2 ነጥቢ ኣለዎ

ቅኑዕ መልሲ መሪጽካ/ኪ ኣኽብብ/ቢ

1. ሐደ መልሲ ሃብ

ኣብ ነዊሕ ቀንዲ ጽርግያ ኣብ ትጓዓዘሉ እዋን፡ ድኻም ዘስዓቦ ድቃስ ክስማዓካ ምስ ዝጅምር፡ እንታይ ክትገብር ይግብኣካ፧

ሀ. ነቲ ቀንዲ ጽርግያ ብምግዳፍ፡ ውሑስ ቦታ ብምንዳይ ደው እብል
ለ. ኣብ'ቲ ከባቢ ዝርከብ ኣቀማምጣ ቅርጺ መሬት እዕዘብ
ሐ. ጉዕዞይ ብቑልጡፍ ንምዝዛም ብፍጥነት እመርሕ
መ. ኣብ መንኩብ(ጸግዒ) ናይ ጽርግያ ደው እብል

2. ሐደ መልሲ ሃብ

ካብ መኪና ክፍለዩ ዘይግብኦም መሳሪሒታት ኣየኖት እዮም፧

ሀ. መጥፊኢ ሓዊ
ለ. ናይ ቀዳማይ ረድኤት መሳርሒ
ሐ. ናይ ሓደጋ መጠንቀቕታ ኣንጸባራቒ ምልክት
መ. ክሪክ፡ መፍትሕ ጎማ፡ ቅያር ጎማ፡ ታኮ
ሰ. ኩሎም መልሲ ኢዮም

3. ሐደ መልሲ ሃብ

ኣብዚ ስእሊ'ዚ እንታይ ጉድለት ትርኢ፧



ሀ. ሓደጋ ዝፈጸማ መካይን
ጉድለት ኣተዓሻሽጋ
ሐ. ንግዚኡ ደው ዝበለት
መ. ሃዛርድ ዝወልዐት

4. ሐደ መልሲ ሃብ

ንባተሪ ማይ ምምላእ የድልዮ፡ ክሳብ ክንደይ ዓቕን ትመልኡ፡-

ሀ. ክሳብ ላዕሊ ናይቲ ባተሪ
ለ. ክሳብ ፍርቂ ናይቲ ባተሪ
ሐ. ልክዕ ካብቲ ሸሓንታት ዋሃዮ(ሰል ፕሌይትስ) ንታሕቲ
መ. ልክዕ ካብቲ ሸሓንታት ዋሃዮ (ሰል ፕለይትስ) ንላዕሊ

5. ሐደ መልሲ ሃብ

ኣብ ጠሊ ዘለዎ ጽርግያ ደድሕሪ ካልኣ ተሽከርካሪት ትስዕብ ኣሎኻ፡ ብውሑዱ ካብ ቅድሜኻ ዘላ ተሽከርካሪት ናይ ክንደይ ካልኢት ጋግ ክትፍንተት ይግብኣካ፧

ሀ. ሓደ ካልኢት
ለ. ክልተ ካልኢታት
ሐ. ኣርብዓተ ካልኢታት
መ. ሰለስተ ካልኢታት

6. ሐደ መልሲ ሃብ

መጠኑ ዝሓለፈ ሙዚቃ ዓው ኣቢልካ እናሰማዕካ ተሽከርካሪት ምምራሕ ጉቡእ ኣይኮነን ስለምንታይ

ሀ. ከባቢኻ ስለዘየቆጻጽረካ
ለ. ንዓኻ ዝርደኣካን ዘይርዳኣካን ረብሻ ስለዝፈጥር
ሐ. ኣድህቦኻን ኣድህቦ ካልኦትን ስለዝሰርቕ
መ. ኩሎም መልሲ እዮም

7. ሐደ መልሲ ሃብ

ኣብ ሓደ ዝኣንፈቱ ጽርግያ እናመራሕካ፡ ንጸጋም ክትጥወ ምስ ትደሊ፡ ኣየናይ መስመር ትሕዝ፧

ሀ. ጸጋማይ መስመር
ለ. የማናይ መስመር
ሐ. ኣብ'ቲ ህልው ትራፊክ ምርኩስ ብምግባር፡ ኣብ ክልቲኡ መስመር
መ. ልክዕ የማናይ ወገን ናይ ማእከላይ መስመር

8. ሐደ መልሲ ሃብ

ምልክት ኣብ ዘይብሉ መስቀላዊ ጽርግያ ተቓሪብካ ኣለኻ፡ ኣብ ክምዚ ዓይነት መራኸቢ ጽርግያ እንታይ ትገብር፧

ሀ.ፍጥነተይ ብምውሳኽ ማእከል ጽርግያ እሕዝ
ለ.ቀስ ብምባል ጸጋማይ መንገደይ እሕዝ
ሐ.ቀስ ብምባል ጸጋም የማን ጸጋም እርኢ
መ. ናብ ጸጋም ብምርኣይ ፍጥነተይ እውስኽ

9. ሐደ መልሲ ሃብ

ንተሽከርካሪትካ ኣብ ልዕሊኣ መጽዓኒ ኣቑሑት ምስ ዝግጠመላ፧

ሀ. ሃልኪ ነዳዲ ይቕንስ
ለ. ሃልኪ ነዳዲ ይውስኽ
ሐ. ፍጥነት ተሽከርካሪትካ ይውስኽ
መ. ጉዕዞኻ የመሓይሽልካ

10. ሐደ መልሲ ሃብ

ጠንቂ ምትራር ወይ ምስሓብ መሪሕ(ስቴርሶ) እንታይ እዩ፧

ሀ. ኣብ በረድ ዘለዎ ጽርግያ ምስ ንመርሕ
ለ. ካብ ዓቕን ንታሕቲ ዝተነፍሐ ጎማ
ሐ. ካብ ዓቕን ንላዕሊ ዝተነፍሑ ጎማ
መ. ኣዝዮም ዝኣረጉ(ዝተበልዑ) ልጓም

11. ሐደ መልሲ ሃብ

ስርዓተ ምንጥልጣል ተሽከርካሪትካ ትፍትሽ ኣለኻ። ኣብ ናይ ቅድሚት ክንፊ ምስ ጸቕጥካ፡ ተሽከርካሪት ጥር ጥር ክትብል ምስትዕዘብ፡ እንታይ ማለት እዩ፧

ሀ. ዝበለየ መከላኽሊ ጎንጺ (ኣሞንቲዛቶረ)
ለ. ጎማታት ካብ ጉቡእ ንታሕቲ ምንፍሓም
ሐ. መሪሕ (ስቴርሶ) ኣብ ማእከል ቦቱኡ ዘይምህላዉ
መ. ጎማታት ከምዝበለዩ

12. ሓደ መልሲ ሃብ
ቀንዲ ጥቕሚ ምህላው ብኣርባዕተ መንኮርኮር እትዝወር(ሪዶታ) ዘለዋ ተሽከርካሪት እንታይ እዩ፧
ሀ. ጽርግያ ቕንጢጥካ ናይ ምሓዝ ክእለት የመሓይሽ
ለ. ሃልኪ ነዳዲ ንምንካይ
ሐ. ደው ናይ ምባል ርሕቀት የመሓይሽ
መ. ምቾት ተጓዓዝቲ ንምድንፋዕ

13. ሓደ መልሲ ሃብ
ተሽከርካሪትካ ነዳዲ ድሕሪ ምምላእካ ንኽይፈስስ ከተረጋግጸ ዝግባእ፧
ሀ. ገንኢ (ሳልቫትዮ) ነዳዲኻ 3 ርብዒ ጥራይ ክመልእ ምግባር
ለ. መፍትሕ ዘለዎ መኽደን ገንኢ ምህላው
ሐ. መጠን መሐበሪ ነዳዲ ብግቡእ ከምዝሰርሕ ምርግጋጽ
መ. መኽደኒ ገንኢ ነዳዲኻ ብግቡእ ከም ዝተዓጽወ ምርግጋጽ

14. ሓደ መልሲ ሃብ
ናይ ካልእ መራሕ መኪና ጠባይ ምስዘቆጠዓካ፡ ነዓኻ ክሕግዘካ ዝኽእል ነገር፡-
ሀ. ደው ኢልካ ዕረፍቲ ምውሳድ
ለ. ኣነዋሪ ቋንቋ ምጥቓም
ሐ. ብኢድካ (ናይ ድሌት ስሚዒት) ምልክት ምግባር
መ. መብራህትኻ እናወላዕካ ንዕኡ ምኽታል

15. ሓደ መልሲ ሃብ
ተሽከርካሪት ንኽትመርሓ ዘይሕጋዊት ትኸውን፡ እንታይ ዓይነት ጎማ ምስ ዝህልዋ እዩ፧
ሀ. እቲ ዝተገዝአ ጎማ ካልኣይ ኢድ ምስ ዝኸውን
ለ. ጫፍ መንደቕ ናይ ጎማ ዝተበልዐ(ዝተቕርጸ) ምስ ዝኸውን
ሐ. ዝተፈላለዩ ዓይነት ስርሓት ምስ ዝኸውን
መ. ዝተፈላለየ ዓይነት ቅዲ ድርዒ ናይ ፈትሊ ምስ ዝህልዎ

16. ሓደ መልሲ ሃብ
ዝተሓተ ሕጋዊ ዕምቆት ናይ ተሽከርካሪት ጎማ ክንደይ እዩ፧
ሀ. 1 ሚ.ሜ
ለ. 2.5 ሚ.ሜ
ሐ. 1.6 ሚ.ሜ
መ. 4 ሚ.ሜ

17. ሓደ መልሲ ሃብ
ዲናሞ ንባተርያ ካብ ግቡእ ንላዕሊ ኤሌትሪክ ንኽይትመልእ ትቕጻጸር መሳርሒት መን ትበሃል፡-
ሀ. ፊዩዝ
ለ. ሞቶሪኖ
ሐ. ፍሩስዮን
መ. ሬጉላቶረ

18. ሓደ መልሲ ሃብ
ኣብ ጽርግያ ዝስርሑ መህድኢ ትራፊክ ንምንታይ ይጠቕሙ፧
ሀ. ካብ ፍኑው ኣጠቓቕማ ጽርግያ የድሕኑና
ለ. ንምቕዳም ይሕግዙና
ሐ. ፍጥነት ትራፊክ ንምቕናስ ይሕግዙና
መ. ተሽከርካሪት ክንዕሽግ ከሎና ይሕግዙና

19. ሓደ መልሲ ሃብ
ዲናሞ (ኣልተርኔተር) ንምንታይ ትጠቅም፧
ሀ. ንተሽከርካሪት መተስኢ
ለ. ንባተርያ ኤሌትሪክ ንምምላእ
ሐ. ንመብራህትታት መወልዒ
መ. መልሲ የለን

20. ሓደ መልሲ ሃብ
ንድሕሪት ገጽካ ትመርሕ ኣሎኻ ተሽከርካሪትካ እንታይ መብራህቲ ትውልዕ
ሀ. ቀይሕ መብራህቲ ለ. ጻዕዳ መብራህቲ
ሐ. ሽሮዋይ መብራህቲ መ. መልሲ የለን

21. ሓደ መልሲ ሃብ
ብህድኣት ተሽከርካሪት ምምራሕ ክትረኽቦ ካብ ትኽእል ጥቕሚ፧
ሀ. ንጉዕዞ ብ15% ይንኪ
ለ. ሃልኪ ነዳዲ ብ15% ይውስኽ
ሐ. ሃልኪ ነዳዲ ብ15% ይንኪ
መ. ንጉዕዞ ብ15% ይውስኽ

22. ሓደ መልሲ ሃብ
ብመሰረት ኣዋጅ ትራፊክ ጽርግያ ቁ.154/2006 ብዘይካ ናይ ንግዲ ተሽከርካሪት ካልእ ተሽከርካሪት ዝመርሕ ኣልኮል ኣብ ኣካላቱ ልዕሊ ክንደይ ምስዝኸውን እዩ ዘይመርሕ፧
ሀ. 30 ሚሊግራም ኣብ 100 ሚሊሊትር ደም
ለ. 40 ሚሊግራም ኣብ 100 ሚሊሊትር ደም
ሐ. 35 ሚሊግራም ኣብ 100 ሚሊሊተር ደም
መ. 50 ሚሊግራም ኣብ 100 ሚሊሊተር ደም

23. ሓደ መልሲ ሃብ
ዘይቲ ሞቶር ልዕሊ ዓቕን ምምላእ እንታይ ሳዕቤን የምጽእ፧
ሀ. ዘምጽኦ የለን
ለ. ፍሕፍሕ የፍኩስ
ሐ. ሞቶር የዕኑ ወይ የበላሹ
መ. ናህሪ ይውስኽ

24. ሓደ መልሲ ሃብ
ተሽከርካሪት ንድሕሪት ክትመልስ ከለኻ ካብዞም ዝስዕቡ ዝያዳ ንሓደጋ ዝተቓልዑ መን እዮም፧
ሀ. ሰብ ሞቶር-ብሽግለታ
ለ. መራሕቲ ተሽከርከርቲ
ሐ. ሰብ ብሽግለታ
መ. ህጻናት

25. ሓደ መልሲ ሃብ
መዓስ ኢኻ መጠን ዘይቲ ናይ ሞቶር ብፉሉይ ትፍትሽ፧
ሀ. ቅድሚ ነዊሕ ጉዕዞ
ለ. ሞቶር ኣብ ዝረስነሉ እዋን
ሐ. ኣብ ኣጋ ወጋሕታ
መ. ኣብ ነፍሲ ወከፍ 9600ኪ.ሜ

26. ሓደ መልሲ ሃብ
ብዘይካ ብናይ ውልቅኻ ሞቶር ተሽከርካሪት ብኻልኣ ንምጉዓዝ እንታይ ምተጠቕምካ፧
ሀ. ብብሽግለታ ለ. ብኣጋር
ሐ. ብኣውቶቡስ መ. ኩሎም ተመረጽቲ እዮም

27. ሓደ መልሲ ሃብ

ንሓደ መራሒ ተሽከርካሪት፡ ካብ "ዓይኒ ከውሊ" ዝብል ቃላት እንታይ ማለት እዩ፧

ሀ. ብነዊሕ መብራህቲ ናይ ቅድሚት ዘይርአ ቦታ
ለ. ብኹሉ መርኣይ መስትያት ዘይርአ ቦታ
ሐ. ብጸጋማይ መርኣያ መስትያት ዝርኢ ቦታ
መ. የማን መርኣያ መስትያት ዝርኢ ቦታ

28. ሓደ መልሲ ሃብ

ኣብ ከምዚ ዓይነት ጽርግያ ትመርሕ ኣለኻ፡ እቲ ብየማን ዘሎ መራሒ ዓባይ ተሽከርካሪት ንድሕሪት ይምለስ ኣሎ፡ ኣብዚ ግዜ`ዚ እንታይ ትገብር፧



ሀ. ናብ ኣንጻር ሽነኽ ናይቲ ጽርግያ እንቀሳቐስ
ለ. ቀዳምነት ስለዘለኒ ስቕ ኢለ እመርሕ
ሐ. ጥሩምባ ብምንፋሕ ደው ንምባል እቕረብ
መ. ብቐልጡፍ ንምሕላፍ ፍጥነተይ እውስኽ

29. ሓደ መልሲ ሃብ

ኣብ ግመ ዘለዎ እዋን፡ ስለምንታይ ፍጥነትካ ትቕንስ፧

ሀ. ኣብ ቅድሜይ ዘሎ ፍጻሜታት ክሪኢ ከቢድ ስለዝኾነ
ለ. ብናይ ካልኦት ተሽከርከርቲ ብርሃን ስለዝድንሕ
ሐ. ሞቶር ናይ ተሽከርካሪት ንኽረስን ግዜ ስለዝወስድ
መ. ልጓም ኣብ ከምዚ ኩነታት ስለዘይሰርሕ

30. ኣብ ሞቶር-ጽርግያ ሃገራዊ ደረት ፍጥነት ንናይ ገዛ ተሽከርከርትን ሞቶር ብሽግለታን ክንደይ እዩ፧

ሀ. 48 ኪ.ሜ. ኣብ ሰዓት
ለ. 100 ኪ.ሜ. ኣብ ሰዓት
ሐ. 96 ኪ.ሜ. ኣብ ሰዓት
መ. 80 ኪ.ሜ. ኣብ ሰዓት

ናይዞም ዝስዕቡ ትራፊካዊ ምልክታት ትርጉም ጽሓፍ

1. 

2. 

3. 

4. 

5. 

6. 

7. 

8. 

9. 

10. 

ናይዞም ኣብ ውሽጢ ኳድሮ መኪና (ዳሽ ቦርድ) ዝርከቡ መሳርሒታት፣ ሓበርትን ኣጠንቐቕትን መብራህትታት ቅኑዕ ትርጉም ሃብ።



1. _____




2. _____




3. _____

ኣብ ነፍስ-ወከፍ ስእሊ፡ ኣብ ውሽጢ መስቀላውን መራኸብን ጽርግያ ካብ ዘለዋ ተሽከርካርቲ ብቕደም ተኸተል ምሕላፍ ዝግባእ ካበየነይቲ ተሽከርካሪት ጀሚሩ እዩ።



4. _____



5. _____

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓጺርን ገላጽን መልሲ ሃብ/ቢ

1. **ኣብ መኪናኻ ሒዝካዮም ክትጓዓዝ ዝግባኣካ ኣርባዕተ** (4) **መሳሪሒታት ጥቐስ፤**

   1.1_____ 1.2_____

   1.3_____ 1.4_____

2. **ኣብ ጉዕዞ ከለኻ መኪናኻ ምስትበላሾ ከም መራሕ መኪና እንታይ ትገብር፤**

   _____

   _____

3. **ጥቕሚ ካምብዮ እንታይ እዩ፤**

   _____

   _____

   _____

4. **መኪና እንዳመራሕካ ከለኻ ሞቶረ ከም ዝረሰነ ብምንታይ ትፈልጥ፤**

   _____

   _____

5. **ፍልልይ ናይ ዘይቲ ሞቶርን ዘይቲ ፍሬኖን እንታይ እዩ፤**

   _____

   _____